ሪፖርታጅ መበል 20 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ሁይስቶን

ኣብ ሁይስቶን መዓልቲ ናጽነት ቀዳምን ሰንበትን ካብ ዝበዓል ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። እዚ ኩቡር በዓል እዚ ብበዓላት ሽማግለ ኢዩ ዝውደብ፡፡ ኣወሃሃዲት ሃገራዊ በዓላት ሽማግለ ሁይስቶን ካብ መንእሰያት ማሕበር፡ ሓማደአ፡ ህግደፍ፡ ቆንስላዊ ጉዳያትን ንጡፋት ሃገራውያንን ዝቖመት ኢያ፡፡ ኣባላት ዛ ሽማግለ እዚኣ፡ ሃገራዊ በዓላትና ብድምቀት ንምብዓል ብሙሉእ ተወፋይነት ይዓዩ፡፡ ሓደ በዓል ምስ ሓለፈ ኣወንታዉን ኣሉታዉን ናቲ በዓል ይግምገሙ፡፡ ዝተራእዩ ጉድለታት እንተሃልዮም፡ ኣሪሞም ንዝቕጽል መደብ ይዳለዉ፡፡ ብተወፋይነት ናይዛ በዓላት ሽማግለ እዚኣ፡ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ በዓላትና ካብ ዓመት ናብ ዓመት እንዳወሰኸ ይኸይድ ኣሎ፡፡ ናብቲ መበል 20 ዓመት በዓል ክምለስ፡፡

ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ሁይስቶን፡ ንመበል 20 ዓመት ናጽነትና ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ብድምቀት ንምብዓሉ ንነዊሕ እዋን ደኺመ ከይበለት፡ ብገንዘባን ጉልበታን፡ ብሙሉእ ልቢ ተወፋይነት ዓያ ኢያ፡፡ ስለጸዓረት ድማ፡ መዓልቲ ናጽነትና ንኹሉ ፈታዊ ሃገሩን ህዝቡን ዝኾነ ህዝብና በዘሕጉስ ተኸቢሩ ዉዒሉ፡፡ ህዝቢ ሁይስቶን ድሕሪ እቲ በዓል ሓጎሱ ብተሌፎንን ብ ኣካልን ይገልጽ ኣሎ። እቲ ናይ ክልተ መዓልቲ በዓል ሕጽር ብዝበለ ነዚ ይመስል፡፡

ቀዳም ግንቦት 28,2011

ኢቲ መደብ ካብ ሰዓት ሓደ ድ.ቀ. - ሸሞንተ ድ.ቀ ኢዮ ነይሩ፡፡ ኣብዚ መዓልቲዚ፡ ብቚኢላታት ዝተዳለወ መግብን ልስሉስ መስተን ቀሪቡ ነይሩ፡፡ ንቆልዑን ዓበይትን ዝተፈላለየ መዘናጊዒታት ቀሪቦም ነይሮም፡፡ ወጻኢታት ናይቲ ኩሉ ሽሻይ ቀሪቡ ዝነበረ፡ ካብ ህዝቢ ንህዝቢ ብዝብል ጭርሖ፡ ህዝቢ ኣቕዲሙ ብዝወፈዮ ገንዘብ ኢዩ ተዳልዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ዝኸፈል ኣይነበረን፡፡ ጸሓይ ሁይስቶን ኣዝዩ ተሪር ስለዝነበረ ዝበዝሕ ህዝቢ ካብ ሰዓት ስለስተ እዮ ክመጽእ ጀሚሩ፡፡ እቲ መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ድሕሪ ምኽፋት ህዝቢ ምግቢ ተመጊቡ፡፡ ድሕሪ መግቢ፡ ናይ ዓበይቲ ሓፈሻዊ ፍልጠት ዉድድር ተገሩ፡፡ ኣብዚ ዉድድር እዚ 5ተ ተወዳደርቲ ካብ ህዝቢ ካብ ክልቲኡ ጾታ ቀሪቦም፡፡ ሓሓሙሽተ ሑቶ ድማ ተሓቲቶም፡፡ ሓደ ተወዳዳሪ ዝቐረበሉ ሑቶ ክምልስ ምስዘይክእል/ዘይትኽእል፡ ህዝቢ ክምልስ ይሕተት፡፡ እቲ ሑቶታት መሰረታዊ ኢዩ ነይሩ፡፡ እቲ ዉድድር ኣዝዩ ሰሓቢ ነይሩ፡፡ ህዝቢ ተወዳደርቲ ክምልስዎ ዘይከኣሉ ሁቶታት ክምልስ ይቀዳደም ነይሩ፡፡ ንዑዉታት ድማ፡ ብዑቕበ ተኸለኣብ ዝተዳለወ ሽልማት ተዋሂቦም፡፡ ድሕሪ ናይ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ናይ ገመድ ጉታ ዉድድር ኢዩ ነይሩ፡፡ ኩሎም ሓያላት ተወዳደርቲ ኢዮም ነይሮም፡፡ ሓይሊ ዝመልአ ውድድር፡ ኣዝዩ መሳጢ ነይሩ፡፡ ድሕሪ ገመድ ጉታ ናይ ህጻናትን ማእከላይን ዕድመ ናይ ካሻ ኣቲኻ ጉያ ዉድድር ተገሩ፡፡ ኣዝዮ መሳጢ ነይሩ፡፡ ክወድቁ ክትስኡ፡ ኢዶም ከይሃቡ ዉድድሮም ፈጺሞም፡፡ ኣዝዩ መስሓቕ ኢዩ ነይሩ፡፡ ናይ ለብዘበን ቁጽሪ ተሳተፍቲ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣዝዩ ቡዙሕ ነይሩ፡፡ እቶም ካብ ኩሉ ሃይማኖት፡ ጾታን፡ ዕድመን ፈተውቲ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝኾኑ ሃገርዉያን፡ ክሳብ 8:30 ክጻወቱን ናፍቖቶም ከውጽኡን ኣምስዮም፡፡ ልክዕ 8:40 ድማ ቀዳማይ ክፋል መበል 20 ዓመት ሃገራዊ በዓልና ተፈጸመ፡፡

ሰንበት 29, 2011

ሽማግለ በዓላት ነቲ ኣዳራሽ ንዓይኒ ብዝምስጥ ኢዮም ሸሊሞሞ፡፡ ናብቲ ኣዳራሽ ክትኣቱ ከሎኻ፡ ናይ ሓደ ዋርሳይ ካልሽን ዝሓዘ ስእሊ፡ እዋን መኸተ ዝብል ጽሑፍ ዘሎዎ ኢኻ ትርኢ፡፡ ዉሽጢ ምስእቶኻሞ ካሊ ኢዩ ነይሩ፡፡ እቲ ዕድመ ሰዓት 9ተ ኢዮ ነይሩ፡፡ ቡዙሕ ሰብ ድማ ኣብ ሰዓቱ መጹኡ፡፡ ድሕሪ መግቢ እቲ መደብ ብሃገርዊ መዝሙር ተኸፍተ፡፡ ድሕሪ ሃገራዊ መዝሙር ቃል ኤምባሰ ሃገረ ኤርትራ ተሰምዔ፡፡ ድሕሪ ቃል ኣምባሳደር፡ ጸዕዳ ከዳንን ዲኖን ብዝተኸድኑ ሰብኡት፡ ዙርያ ዝተኸድና ደቀንስትዮ፡ ከበሮ ሒዘምን እንዳደበሉ ናብቲ ኣዳራሽ ኣተዉ፡፡ ድሕሪ ድሙቕ ጓይላ ናዘም ሰብ ጸዓዱ ኽዳን፡ ናይ ህጻናትን ማእከሎት ዕድመን ንዓይንኻ ዝምስጥ ሳዕሲዒትን ግጥምን ቀሪቡ ፡፡ መንእሰያት ህግደፍውን ተወዲቦም ዝተፈላለየ መዝሙራት ኣስሚዖም። በጀካ ናይዞም መንእሰያትን፡ ህጻናትን፡ ብኣባላት በዓላት ሽማግለ ኣብህዝቢ ኣድናቖት ዘትረፈ ተዋስኦን ግጥምታትን ቀሪቦም፡፡ ኣብ ርእሲ ዚ ህዝቢ ክሳብ ሰዓት 5:30 ናይ ንጉሆ ክቆጸጸ ሃዲሩ፡፡ ብዝሒ ህዝቢ ማእለያ ኣይነበሮን፡፡ በዚ ድማ ናይ ክልቲኡ መዓልቲ ዑዉት መደብ መበል 20 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ተዛዚሙ፡፡ እግረ መንገደይ ኣቱም ኣብ ስታርባክስ ዓሪድኩም ሃገርን ህዝብን ከተጸልሙ ትውዕሉ፡ ኣቱም ኣብ 40ታትን 70ታትን ደቂስኩም ደሎኹም፡ ሕልሚ ደርሆ ካብትሓልሙ፡ ካብ ድቃስኩም ተበራቢርኩም፡ ምስ ሃገራዊት መርከብ ክትጓዓዙ ይመኽረኩም፡፡ ሓሶት ናይ ወያነ ትግራይ ባህሊ ኢዩ፡፡ ሓሶት ኣይባህልናን ኢዩ፡፡ እቲ ኩቡር ባህልና ኣይትበርዝዎ፡፡ እዋኑ እዋን ተጨባበጥ ኢዩ፡፡ ሓሳውን ቆርበትን እንዳሓደረ ይፎክስ ዝብል ናይ ኣቦታት ምስላ ይሰቆርኩም፡፡ ናይ ከዳሚ ከደምቲ ኮይንኩም ከተገልጉሉ ድማ ናይ ሞት ሞት ኢዩ፡፡ ሎሚ ንኤርትራ ካብቲ ሒዛቶ ዘላ ናይ ጎደና ምዕባለ ንድሕሪት ክትመልስ ምፍታን፡ ስሬኻ ብኽሳድካ ምውጻእ ይቐልል፡፡

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ዑቕባይ በርሀ